# ብዛዕባ ቲዩበርክሎሲስ (ቲ.ቢ.)

## ቲዩበርክሎሲስ እንታይ እዩ?

ቲዩበርክሎሲስ ሙብዛሕትኡ እዋን ንሳናቡእ ዘጥቅዕ ዓይነት ረኽሲ እዩ። ቲዩበርክሎሲስ ኣብ ደረጃ መልከፍቲ ድሕሪ ምብጽሑ ዕቱብ ጸገም ዘስዕብ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ገሊኣቱ "ቲ.ቢ." ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ እዩ።

## ቲዩበርክሎሲስ ብኸመይ ይላባዕ?

ቲ.ቢ. ካብ ዝኾነ ይኹን በቲ ሕማም እተጠቕዐ ሰብ ክሓልፈና ይኽእል እዩ። እቶም ሕማም ቲ.ቢ. ዘስዕቡ ታህዋስያን ሓደ በቲ ሕማም ዝተጠቕዐ ሰብ ምስዝስዕል ወይ ምስዘህንጥስ ብኣየር ክጓዓዙ ይኽእሉ። እዞም ትህዋስያን እዚኣቶም ከነተንፍስ እንከለና ብኣፍንጫና ምስዝኣትዉ ድማ መልከፍቲ ከስዕቡልና ይኽእሉ።

## መልከፍቲ ናይ ሕማም ቲ.ቢ. ምስዘጋጥመኒ ዝኸውን እንታይ እዩ?

መልከፍቲ ናይ ሕማም ቲ.ቢ. ምስዘጋጥመና፡ ሽዑኡ-ንሽዑኡ ስምዒት ሕማም ዘይከነርኢ ተኽእሎ ኣሎ።

- ስርዓት ምክልኻል ሕማም ናይ ኣካላትና ነዞም ሕማም ቲ.ቢ. ዘስዕቡ ታህዋስታን ክቃለሶም ተኽእሎ ስለዘሎ ስምዒት ሕማም ዘይክህልወና ዝኽኣል እዩ።

ወይ

- ስርዓት ምክልኻል ሕማም ናይ ኣካላትና ነዞም ታህዋስታን ዘይክቃለሶም ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ድማ "ሕቡእ ሕማም ቲቢ" ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዞም ሕማም ቲ.ቢ. ዘስዕቡ ታህዋስታን ኣብ ውሽጢ ኣካላትና ይጸንሑ፡ ግን ከኣ ንእለቱ ስምዒት ሕማም ኣይህልወናን። መድሃኒት ምስዘይንወስድ ጥራይ ኢና - ጸኒሕና በቲ ሕማም እንጥቃዕ። ድሒሩ ስምዒት ሕማም ምስዝቕልቀለና ወይ ምልክታት ሕማም ምስዝረኣየና፡ ሕማም ቲ.ቢ. ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## ምልክታት ሕማም ቲ.ቢ. ከመይ ዝኣመስለሉ እዮም?

ምልክታት ሕማም ቲ.ቢ. እዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱን ካልኦትን ክኾኑ ይኽእሉ፡-

- ካብ 3 ሰሙናት ንላዕሊ ዝጸንሐ ሳዓል
- ረስኒ ኣካላት
- ረሃጽ ኣብ እዋን ለይቲ
- ዘይተደልየ ምንካይ ክብደት ኣካላት

## ዶክተር ዶ ነርስ እንተረኣዩና እዩ ዝሓይሽ?

ሓደ ካብ`ዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱ ኩነታት ምስዝህልወና፡ ናብ ዶክተር ወይ ነርስ ንቐረብ፡-

- ኣብ ጥቓ ድሮ ብሕማም ቲ.ቢ. ዝተጠቕዐ ሰብ እንተነርና
- ካብ 3 ወይ 4 ሰሙናት ንላዕሊ ዝጸንሐ ሳዓል ምስዝህልወና እሞ ናይ ምምሕያሽ ለውጢ ምስዘይህልዎ
- ከም ኣካላዊ ረስኒ፡ ናይ እዋን ለይቲ ረሃጽን ዘይተደልየ ምንካይ ክብደት ኣካላትን ዝኣመስሉ ካልኦት ምልክታት ሕማም ቲ.ቢ. ምስዝህልዉና

## መርመራ ናይ ሕማም ቲ.ቢ. ኣሎ ዶ?

እወ። ክልተ መርመራታት ናይ ሕማም ቲ.ቢ. ኣለዉ፤ ናይ ቈርበት መርመራን ናይ ደም መርመራን፡-

- <u>ናይ ቈርበት መርመራ፡-</u> ዶክተር ወይ ነርስ ኣብ ኢድና መርፍእ ክወግኣና እዩ። ድሕሪ 2 ወይ 3 መዓልትታት፡ እቲ ዝከታተለና ዶክተር ወይ ነርስ ፈኾኹታ ናይ ቈርበት ምህላዉን ዘይምህላዉን፡ ከምኡ`ውን እቲ ፈኾኹታ ክሳብ ክንደይ ምዃኑ ክርኢ እዩ። ውጽኢት መርመራ ናይ ሕማም ቲ.ቢ. ኣሉታዊ ድዩስ እወታዊ ክፈልጥ ዝኽእል ዶክተራት ወይ ነርሳት ጥራይ እዮም።
- <u>ናይ ደም መርመራ፡-</u> ዶክተር ወይ ነርስ መርመራ ሕማም ቲ.ቢ. ንምክያድ ቅምሶ ደም ክወስድ እዩ። ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ንዝዕድሚኦም ሰባት፡ ከምኡ`ውን ነቶም ካብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ወጻኢ ዝተወልዱ ሰባት፡ መርመራ ደም እቲ ዝያዳ ተመራጺ ዓይነት መርመራ እዩ።

እቲ ንዓና ዝሓይሽ ዓይነት መርመራ ኣየናይ ምዃኑ፡ እቲ ዝከታተለና ዶክተር ወይ ነርስ እዩ ዝውስኖ።

## እቲ ንሕማም ቲ.ቢ. ብዝምልከት ዝገበረልና መርመራ ውጽኢቱ እወታዊ ምስዝኸውን ከ?

ቲ ንሕማም ቲ.ቢ. ብዝምልከት ዝግበረልና መርመራ ውጽኢቱ እወታዊ ምስዝኸውን፡ ሕማም ቲ.ቢ. ዘስዕቡ ታህዋስያን ኣብ ውሽጢ ኣካላትና ኣለዉ ማለት እዩ። እዞም ታህዋስታን እዚኣቶም ኣብ ልዕሌና ይኹን ኣብ ልዕሊ እንፈትዎም ኣባላት ስድራ-ቤትና ሕማም መታን ከየስዕቡ፡ ሕክምና ክግበረልና ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዝከታተለና ዶክተር፡ ናይ ኣፍ-ልቢ ራጂ ንኽግበረልና ሞያዊ ሓሳብ ክቐርብ እውን ተኽእሎ ኣሎ።

## ሕማም ቲ.ቢ. ብኸመይ እዩ ዝፍወስ?

እቲ ጽቡቕ ነገሩ፡ ሕማም ቲ.ቢ. ክፍወስ ዝኽኣል ምዃኑ እዩ። እቲ ዝከታተለና ዶክተር፡ እቲ ንዓና ዝሓሸ ክኸውን ዝኽእል ኣገባብ ፍወሳ ኣየናይ ምዃኑ ብዝምልከት ክውስን፡ ከምኡ`ውን ነቲ ኣገባብ ፍወሳ ብኸመይ ከምእንቕበሎ ኣመልኪቱ መብርሂ ክህበናን እዩ፡-

- ሕቡእ ሕማም ቲ.ቢ. ዘለዎም ሰባት እንተወሓደ ን 3 ኣዋርሕ ንዝቕጽል እዋን ካብ 1 ክሳብ 2 መድሃኒታት ንመዓልቲ ይወስዱ፤ ሳሕቲ ድማ ምእንቲ ዳሕራይ ካብ ስምዒት ሕማም ናጻ ምዃኖም ከረጋግጽ እዚ መድሃኒት ዝውሰዶ እዋን ንውሕ ዝበለ ክኸውን ዝከኣል እዩ
- ስምዒት ሕማም ቲ.ቢ. ዘለዎም ሰባት፡ እንተወሓደ ካብ 4 ክሳብ 6 ኣዋርሕ ንዝቕጽል እዋን ካብ 3 ክሳብ 4 መድሃኒታት ዝብዝሖም መድሃኒታት መዓልታዊ ክወስዱ ይግባእ።

ሕቡእ ድዩስ ግሁድ ሕማም ቲ.ቢ. ንምፍዋስ ተባሂሉ መድሃኒት ምስዝእዘዘልና፡ ንብሙሉኡ ክንወስዶ ኣገዳሲ እዩ። ንብሙሉኡ መድሃኒታትና ምስዘይንወስዶ፡ ስምዒት ሕማም ክገደና ወይ መድሃኒት ወሲድና ዘይክሕሸና ተኽእሎ ኣሎ። መድሃኒት ውጽኢታዊ ምስዘይከውን፡ ሕማም ቲ.ቢ. ምፍዋስ ዝኸበደ ክኸውን ይኽእል።

## ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣለዉ ዶ?

እወ። ሕማም ቲ.ቢ. ንምፍዋስ ኣብ ጠቕሚ ዝውዕሉ መድሃኒታት ናይ ጸላም-ከብዲ ጸገማት ከስዕቡ ተኽእሎ ኣለዎም። ነዞም መድሃኒታት እዚኣቶም ኣብ እንወስደሉ እዋን። ኣልኮላዊ መስተ ኰነ ከም ታይለኖል ዝኣመስሉ መድሃኒታት ክንወስድ ኣይግባእን። ምልክታት ጸገም ናይ ጸላም-ከብዲ ምስዝረኣየና፡ ንዝከታተለና ዶክተር ወይ ነርስ ንሓብር ኢና። እዞም ምልክታት እዚኣቶም፡ ነዞም ቀጺሎም ዝተጠቕሱን ካልኦትን ዘጠቓለሉ እዮም፡-

- ስምዒት ድኻም
- ስምዒት ጽልኣት ወይ ተምላስ
- ምዕጻው ሸውሃት
- ደባን-ዝሕብሩ ሽንቲ
- ምብጫው/ምዕማል ጻዕዳ ክፋል ኣካላት፡ ማለት ጻዕዳ ዓይኒ ወይ ቈርበት ክብጨ እንከሎ
- ቃንዛ ከርዐ
- ሳሓ ቈርበት